ቅልዕቲ ወረቐት ናብ ህዝቢ ኤርትራ፡ ኣገደስቲ እዋናውያን ጉዳያት

መእተዊ

[illegible]

[illegible]

[illegible]

[illegible]

[illegible]

[illegible]

[illegible]

[illegible]

[illegible]

[illegible]

[illegible]

[illegible]

[illegible]

ቀዳማይ ክፋል፡ ህዝቢ ኤርትራ ካብ ናጽነት እንታይ ተጸብዩ?

1. [illegible]

[illegible]

2. [illegible]

[illegible]

3. ዲሞክራስን ፍትሕን ክሰፍን።

[illegible]

ካልኣይ ክፋል፡ ህዝቢ ኤርትራ ኣብ ከመይ ዝበለ ኩነታት ይርከብ?

[illegible]

[illegible]

[illegible]

[illegible]

[illegible]

[illegible]

[illegible]

[illegible]

[illegible]

[illegible]

[illegible]

[illegible]

[illegible]

[illegible]

[illegible]

[illegible]

[illegible]

ዮሃና ሳባ ሃብተኣብ

[illegible]

ቅልዕቲ ወረቐት ናብ ህዝቢ ኤርትራ...

[illegible]

[illegible]

[illegible]

[illegible]

[illegible]

[illegible]

ሳላሳይ ክፋል፥ እንታይ ኪግበር ይኽእል?

[illegible]

1. ጉዳይ ሰላምን ውግእን የገራዊ ድሕነትን፣

[illegible]

1.1. ምስ ኢትዮጵያ

[illegible]

[illegible]

[illegible]

[illegible]

1.2 ምስ ሱዳን

[illegible]

[illegible]

1.3 ምስ የመን

[illegible]

1.4 ሓፈሻዊ

[illegible]

[illegible]

[illegible]

[illegible]

[illegible]

2 ቁጠባውን ማሕበራውን ጉዳያት

[illegible]

[illegible]

[illegible]

[illegible]

[illegible]

[illegible]

[illegible]

[illegible]

ምስጋና

ብምኽንያት ሞት እንፈትዋን እንፍቅራን ኣዴና ወ/ሮ መግብነሽ የስኣብ፣ ኣብ ዓድና ዓሪቱ ዘቃበርኩምናን፣ ኣብ ገዛና ብምምጻእኩምን ካብ ወጻኢ ብቴሌፎን ዘጸናናዕኩምናን፣ ሓሰም ኣይትርከቡ እናበልና ሓዘንና ከም ዝዓጸና ንሕብር።

ደቃ ንግሲጀር ተስፋጋብር ንጉስ
ምስ ምሉኣት ስድራቤት

ቅልዕቲ ወረቐት ናብ ህዝቢ ኤርትራ...

ካብ ፊደ ገጽ ዝቐጸለ

** ኣብ ዩኒቨርሲቲ ክኣትው ንዘይክእሉ ተመሃሮ ሞያዊ ስልጠናታት ክወሃቦም፣ ንዝኣትዉ ኣብ ዩኒቨርሲቲ ንዘለውን ናይ ወጻኢ ናይ ማህደረ ትምህርቲ ስፉሕ ዕድል ክኸፈተሎም፣

** ናይ ተመሃሮ መደብ ከረምታዊ ማእቶት እፍራይን ኣድማዕን ስለዘይኮነ ክግምገም፣

** ብዘይ ፍርዲ ንነዊሕ ዝተኣሰሩን ተቐይዶም ሃለዋቶም ዘይተፈልጠን ዜጋታት ኣብ ፍርዲ ክቐርቡ ወይ ናጻ ክልቀቑ ስጉምቲ ዝተወሰደሎም እንተሎ ከኣ ቤተሰቦም ክሕበሩ፣

** ናይ ትሑት ዝእትዋቶም ዜጋታት ናይ መንበሪ ኣባይትን ዋጋ ክራይን ሽግራት ንምቅላል፣ ፍሉይ ኣካል ቆይሙ፣ ብደገፍ ናይ ግዳም ትካላትን መንግስታትን ናይ ትሑት ዝዋግኡ ኣባይቲ ምስራሕ መደብ ክተሓዝ፣

** ናይ ውሽጣውን ግዳማውን ጸጋታትን ሃብትታትን ቅኑዕን ርትዓውን ኣድማዕን ኣጠቓቕማ መታን ክወሓስ፣ ዘገድሶም ትካላትን ቅኑዓትን ኣሳተፍትን ትጽዕታትን ብምውሳእ፣ ብሃገራዊ ባይቶ ዝጸድቕ ሃገራዊ ባጀትን ናይ ልምዓት መደባትን ክወጽእ፣

** ናይ ግዳም ደገፍ ብዝለዓለ ደረጃ ንምኽሳብ ሓባራዊ ረብሓ ናትናን ናይ መወፈይትን ዝሕሉን ዘቐድምን ሜላ ክድፈእሉ፣ ክድሊ ኢዩ።

ጥዑይ ውድድር ኣብ መትከላት ዕዳጋ ንምርግጋጽን፣ ውሽጣውን ግዳማውን ግላዊ ክፋል ንምትብባዕን፣ ዓብላልነት ህግደፍ ኣብ ቁጠባ ሃገር ከምዝብቀዕ ምግባር።

ገንዘብን ንብረትን ህግደፍ ናይ ኩሉ ዝተቓለሰ ህዝቢ ንብረት ስለዝኾነን፣ ኣብ መንጎ ግዳያት ኩናት ዝኾኑ፣ ስድራ ስውኣት፣ ስንኩላን፣ ጥዑያትን፣ ካብ ምምዝባልን ስደትን ተመለስትን፣ ክውዕል ፍትሓዊ ስለዝኾነን ስለዝምልከትን፣ ፈናንሳዊ ምጽብጻብ ተገይሩሉን ካብ ህግደፍ ወጻኢ ናጻ ዝኾነን ብክኢላዊ ዓቕሚ ዝመሓደርን ሓደ ማዕከን (ትረስት) ቆይሙሉ፣ ኣብ ስራሕ ብኣፍራይ ኣገባብ ክዋፈር ከድሊ ኢዩ። ኣብ መድረኽ ቅዋማዊ ስርዓት፣ ህግደፍ ከም ፖለቲካዊ ሰልፊ ወይ ሰልፍታት ክዋሳእ እንተደልዩ፣ ካብ ቢገሱ (ቁጠባዊ ንጥፈት) ክወጽእ ስለዘለዎ፣ እቲ ማዕከን (ትረስት) ናጻ ኮይኑ ክቕጽል ናይ ግድን ይኸውን።

3. ጥዑይ ምሕደራ

ኣብ ተመክሮ ዝሓለፈ 10 ዓመታት፣ ኣብ ቢሮክራሲያዊ ስራሓት መንግስትን ናይ ሓደ ቛንቋ ምስግዳድ ኣብ ገሊኡ መባእታዊ ኣብያተ ትምህርትን ጸገም ከፍጠር ስለዝጸንሐን፣ ናይ ኩለን ቛንቋታት ኤርትራ ምጥቃም ብዝያዳ ክሸግር ስለዝኾነን፣

** ወግዓዊ ቛንቋ ወይ ቛንቋታት ምውሳን ኣገዳሲ ይኸውን፣

** ናይ ህዝቢ ድሌታትን ስምዒታትን ኣብ ግምት ብምእታው፣ ወግዓውያን ቛንቋታት ኤርትራ ትግርኛን ዓረብን ክኾና ኣለወን ዝብል ርእይቶ ኣሎና፣

** ህዝቢ ግን፣ ነዚ ሕቶዚ ክመያየጠሉን ክውስንን ኣለዎ ንብል፣

** ኣብ መባእታዊ ኣብያተ ትምህርቲ ናይ ሓደ ቛንቋ ምስግዳድ ክተርፍ፣

** ዝኾነ ይኹን ዜጋ ቛንቁኡ ናይ ምጥቃም መሰሉ ግን ሕሉው ይኸውን።

ብሓፈሻ ናይ ምምሕዳርን ፍትሕን ጸገማት ንምፍታሕን፣ ህዝቢ ባዕሉ ንባዕሉ ከመሓድር ስለዘለዎን፣ ብመንግስቲ ዝግበር ሕርያ ተሪፉ፣ ኣብ ኩሉ ጽፍሕታት ምምሕዳር ክሳብ ደረጃ ዓድን ከባብን፣ ህዝቢ ኣማሓዳሪኡ ክመርጽ።

4. ቅዋማዊ መንግስትን ዘድልዩ ምቅርራባትን

ኣብ ታሪኽ ህዝቢ ኤርትራ ንመጀመርያ ግዜ ልኡላዊት ሃገር ናብ ቅዋማዊ ስርዓት (ምትሕልላፍ ስልጣን ናብ ህዝቢ) ትሰጋገር ስለዘላን፣ ናይ 10 ዓመታት ናይ መሰጋገሪ መንግስቲ መድረኽ ተሓሊፉ ስለዝኾነን፣ ንድሕሪ ሕጂ ጸገማት ዝፈጥር ውን ክኸውን ስለዘይብሉን፣ እዚ ምስግጋር እዚ ሓቀኛ፣ ደሞክራሲያውን ንመላእ ህዝቢ ኤርትራ ዘሳትፍን መታን ክኸውን፣ ብህግደፍ ዘይዕብለልን ሓባራዊ መረዳእታን ዕግበትን ዝህልዎን ክኸውን የድሊ።

መንግስቲ፣ ፖለቲካዊ ኣረኣእያኦምን ንመንግስትን ህግደፍን ክድግፉ ይጽንሑን ኣይጽንሑን፣ ብዘየገድስ፣ ልኡላውነት ሃገርን ሓድነት ህዝብን ኣሚኖም፣ ንቅዋም (ሕብረ ዕቃበታት እንተልዮምም ብሕጋዊ መገዲ ንምምሕያሽ ዕድል ከምዘሎ ተረዲኦም) ተቐቢሎም ቅዋማዊ ስርዓት ኣብ ምትካል ክዋስኡ ቅሩባት ንዝኾኑ ኩሎም ኤርትራውያን ዜጋታት ክጽውዕ የድሊ።

ደገፍትን ተቓወምትን ህግደፍ ዝኾኑ ዜጋታት፣ ንሕጊ ፖለቲካዊ ሰልፍታትን ንሕጊ ምርጫን ክመያየጥሉን ርእይቶታቶም ክህቡሉን፣ ብመሰረት ድሕሪ ሕጂ ዝጸድቑ ሕግታት ድማ፣ ፖለቲካዊ ሰልፊ ናይ ምምስራትን ኣብ ሃገራዊ ምርጫ ተሳቲፎም ንሃገራውን ዞባውን ባይቶታት ናይ ክመርጹን ክምረጹን መሰሎም ክሕለወሎም የድሊ። ቅድሚ ሃገራዊ ምርጫ ምክያዱ ፖለቲካዊ ሰልፍታት ንክስርትዑ ምቹእ ኩነታት ክፍጠረለን የድሊ።

ሃገራዊ ምርጫ ናጻን ርትዓውን መታን ክኸውን፣ ናይ መላእ ህዝቢ ተሳትፎ ዘረጋግጽን ዘዕግብን ክኸውን፣ ደገፍን ተቓዋምን ብዝሰማማዕሉ ናይ ውድድር ሕጊ ክፍጸም፣ ሕጊ ፖለቲካዊ ሰልፍታት ቀይድታት ዘይብሉ ክኸውን፣ ሕጊ ምርጫ ድማ ኣብ ሃገራዊ ባይቶ ብናይ ሓባራዊ መረዳእታ (consensus) ክጸድቕ ይግባእ።

ብተወሳኺ፣ መሰረታዊ ሰብኣዊ መሰላትን ሓርነታትን ክኽበር፣ ፍሉይ ቤት ፍርዲ ክፈርስ፣ ሕጊ ፕረስ ብመንፈስ ቅዋም ክመሓየሽ፣ ናጽነት ፍርዳዊ ኣካልን መራኸቢ ብዙሓንን ክኽሉ፣ ኮሚሽን ምርጫ ናጻን ዘይሻራዊትን ኮይና ክትቐውም፣ ብህዝቢ እተመርጸ ኣካላትን፣ ሃገራውያን ሲቪላዊ ማሕበራትን ዕዱማት ወጻእተኛታትን ንሃገራዊ ምርጫ ብቐረባ ክዕዘቡ፣ ከም ዝኾነ ክግበር የድሊ። ነዚ ኹሉ ንምትግባር ዘድሊ ግዜ ከኣ ብዝኣውጥ ሰሌዳ ተሓንጺጹ ክትግበር ይግባእ።

መደምደምታ

ኤርትራ ኣብ ኣዝዩ ኣገዳሲን ተኣፋፍን መድረኽ እትያ ትርከብ። እዚ መድረኽዚ ኣገዳሲ ቀስቢት ኣብ ሞንጎ ናይ ዝሓለፈ መሰጋገሪ እዋን ሕሉፍ ተመኩሮን፣ መላእ ህዝቢ ኣቓሚቱ ዘማዕድዎ ዘሎ ቅዋማዊ መጻእን ኢዩ።

ኣብዚ እዋን እዚኣ ዝህሉ ኣተሓሕዛ ናይ ጉዳያት ከኣ፣ ቅኑዕ ምስግጋር ናብ ራህዋ ዘበስር ስርዓት፣ ወይ ከኣ ግጉይ ምንጸርታት ናብ ርግኣትን ፍትሕን ዝወንጽፉ ኩነታት፣ ዘምርሕ፣ ወሳኒ ፈታኒ መስርሕ ክኸውን ኢዩ።

ኣብ ገምጋም ዝሓለፈ ተመኩሮ፣ ናይ ኣረኣእያ ፍልልያት ክህሉ ባህርያዊ ከምዝኾነ መጠን፣ ኣብ ድሌታትን ሃንቀውታታትን መጻኢ እውን ፍልልያት ክህሉ ትጽቢት ክንገብረሉን ምጽዋር ክህሉን ዝሓትት ኢዩ።

ንሕሉፍ ተመኩሮ ብወድዓዊ መገዲ ኣብ ምግምጋም፣ ካብ ኣዎንታዊ መዳያት ጥራይ ዘይኮነ፣ ብዝያዳ እኳ ደኣ፣ ካብ ኣሉታዊ መዳያት ብዙሕ ትምህርቲ ስለዝቕሰም፣ ህዝቢ ብኽፍት ክመያየጠሉን ርእይቶታቱ ዝገልጸሉን ክኸውን ኣገዳሲ ኢዩ።

ዝተፈላለየ ናይ መጻኢ ድሌታትን ሃንቀውታታትን ምህላው፣ ንናይ ህዝቢ ናይ ኣማራጺታት ዕድል የግፍሕን የስፍሕን እምበር፣ ናይ ግድን ናብ ምግጫዕ ህውከትን የናዕቕት ማለት ኣይኮነን። ኣብ መወዳእታ፣ ህዝቢ ብናጻን ርትዓውን መገዲ ድሌቱ ክመርጽ ዕድል ክወሃቦ ስለዘለዎ፣ ድሌትን ውሳኔን ህዝቢ ክኽበር ኣለዎ ማለት ኢዩ።

ህዝቢ ሰላም ረኺቡ፣ ዝተፈላለየ ኣረኣእያታት ውን እንተለዉ፣ ከም ወትሩ ሓድነቱን ልኡላውነት ሃገሩን ሓልዩን ኣትሪፉን፣ ንቡር ህይወቱ ክሰርዕን፣ ማሕበረ ቁጠባዊ ጸገማቱ ንምፍታሕ ዝሕግዞ ምቹእ ሃዋህው ዝፈጥረሉን ቅዋማዊ ስርዓትን ጥዑይን ፍትሓውን ምሕደራን ክተኽል ይደሊ።

ሰላም፣ ምእንቲ ሰላም ሰሪሕካዮ ከም ብሉን ዓድኻ ሓብሒብካዮ እምበር፣ ብጥዓ ኣይትርከብን። ሓድነት ህዝቢ፣ ኣብ ድሌት፣ ማዕርነት፣ ተሳታፍነትን ምሽራኽን ይድልድል እምበር፣ ብጭርሖ፣ ብምጭኳር፣ ብምጕብዕባዕ ብስልበጣን፣ ኣይመጽእን። ልኡላውነት ሃገር ዜጋታት ኣድማዒ ዝኾኑን፣ ኣብ ፍቕሪ ሃገርን ዕግበት ምሕደራን ተወፋይነት ዝድርኾ ፍትሕን እምበር፣ በስገዳድን፣ እምነትን ተገዳስነትን ብዘይብሎም ኣገባብን ኣይኮነን። ህዝቢ ንነዊሕ ግዜ ጥሙትን ሽግርን ክጻወር ይኽእል። ፍትሕን ጽቡቕ ምሕደራን ተነፊጉ ግን፣ ንነዊሕ ክጸመም ኣይክእልን። ምኽንያቱ፣ ፍትሕን ጽቡቕ ምሕደራን እንተዘይሃልዩ፣ ካብ ጥሜት፣ ሕማም፣ ድኽነት፣ ድንቁርናን ውግእን ክንናገፍ ከምዘይከኣል ስለዝፈልጥ።

13/08/2001